ቤት ፅሕፈት ቤት ፍርዲ ትልምን ፋይናንስን ወረዳ እምባ ኣላጀ ነቲ ወረዳ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ኣቅሑት ቢሮ፣ ኣቅሑት ፅሬት፣ ኮምፒተርን ተዛመድትን፣ ሕትመት ፣ መፀገኒ ኣቅሑት ኮምፒዩተር፣ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 1, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 13, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:እምባ ኣላጀ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 13, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ነዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዝተመዝገበ ምኟኑ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል

3 ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኾነን ና ይ ወርሒ ሓምለ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል

4 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ መቅረባይነት መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል፤

5 መኽበሪ ጨረታ 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

6 ሰነድ ጨረታ ካብ 29/02/2011 ዓ/ም -13/03/2011ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምኽፋል ካብ ቤት ፍርዲ ትልምን ፋይናንስን ወረዳ እምባ ኣላጀ ምውሳድ ይከኣል።

7 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ እዋን ንተኽታታሊ 15 መዓልቲ ይኽውን።

8 ሰዓራይ ጨረታ 10% ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ቅድሚ ውዕሊ ምእሳሮም መኽበሪ ውዕሊ ከትሕዙ ኣለዎም።

9 ካብ መረከቢ ውዕሊ ዘሕለፈ በቢ መዓልቱ 100.00 ቅርሺ ዝቅፃዕ እንትኾኑ ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምጭብርባር ዝፈተነ ተጫራታይ ብሕጊ ተሓታታይ ይኽውን።

10 ኣብ ሰነድ ጨረታ ግልፂ ዘይኾነ ብፅሑፍ ምሕታት ይከኣል።

11 እቲ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩዎ ናይ ተጫራታይ ማህተምን ፊርማን እንተዘይዓሪፍዎን ካብ ጨረታ ክስረዝ ይኽእል እዩ።

12 ሰነድ ጨረታ ሓደ ዋናን ሓደ ቅዳሕን ኣብ ክልተ ፖስታታት ከቅርብ ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ ንመሳርሒ ፅሕፈት 13/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ይኽፈት።

14 ናይ ኮምፒተርን ተዛመድትን 13/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 8:30 ይኽፈት።

15 ንመፀገኒ ኣቅሑት ኮምፒዩተርን 13/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:30 ይኽፈት።

16 ንሕትመት 14/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅ.ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ይኽፈት።

17 ንኣቅሑት ቢሮ 14/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ድ.ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 8:30 ይኽፈት።

18 ንኣቅሑት ፅሬት 14/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

19 ዋጋ ጨረታ ን15 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ።

20 ሰዓራይ ኩባኒያ ሰዓራይ ምኟኑ ካብ ዝተፈለጠሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ከቅርብ ዝኽእል

21 ናይ መጓዓዓዝያ ብተጫራታይ ይሸፈን።

22 ኣብ ዝተገበረ ጨረታ 20% ናይ ምውሳኽ ወይ ምቅናስ ይኽእል እዩ።

23 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ 0344-210164/0344-210407 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle